ኣብ ሃገር ሽወደን፤ ዓበይቲ ሰባት መጽናዕቲ-ጉጅለ እናኣቘሙ ንኽምሃሩ ንምትብባዕ፣ መንግስቲ ሓገዝ ይገብረሎም እዩ። ሓደ መጽናዕቲ-ጉጅለ ማለት፤ ሰባት ኣብ ጊዜ ዕረፍቶም በብጉጅለ ተኣኪቦም፤ ሓደ ሓድሽ ነገር ንኽመሃሩ ዚደልዩ ማለት እዩ። ንኣብነት ሓደ ናይ ሙዚቃ መስርሒ ንምምሃር፤ ሓደ ሓድሽ ቋ ንምምሃር ወይ ውን ንመግቢ ንምስራሕ ወዘተ እዩ። እቲ ነቲ ጉጅለ ዝመርሕ ሰብ፤ ብድሌቱ ወይ ተኸፊሉ ዝሰርሕ ሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዚምህር ሰብ ናይ ምምህርና ሞያ ዘሎዎ ክኸውን ኣየድልን እዩ። ኣብ ጉጅለ መጽናዕቲ ንምክፋል፤ ብድሌትካ እትገብሮ ተሳትፎ ኮይኑ፤ ናይቲ ዝተመሃርካዮ ዓይነት-ትምህርቲ ምስክር-ወረቐት እትቕበለሉ ነገር ኣይኮነን።
ኣብ ሃገር ሽወደን ዓሰርተታት ዝቑጻራ፤ ነንበይኖም ናይ መጽናዕቲ-ጉጅለታት ዘዳልዋ ናይ ትምህርቲ ማሕበራት (studieförbund) ኣሎዋ። ሓንቲ ካብኣተን **”Studieförbundet Bilda”** እትጽዋዕ ናይ ትምህርቲ ማሕበር እያ። መታን ናይቶም ኣብኡ ዝካፈሉ ሰባት፤ ርግጸኛ ዝኾነ መረጋገጺ ንምቕራብ፤ እቲ መራሒ ናይታ መጽናዕቲ-ጉጅለ፤ ናይ ኩሎም ተሳተፍቲ መንነት-ቁጽሪ ወይ ኤል.ኤም.ኤ.-ቁጽሪ (LMA-nummer) ምስ ናይ ልደት ዕለት ኣኪቡ ይምዝግብ እዩ። ኣብ ሃገር ሽወደን፡ መንግስቲ ናይቶም ኣብቲ ጉጅለ-መጽናዕቲ ዝሳተፉ ሰባት፤ መነመን ምዃኖም ንኽፈልጥ ንኽይፍትሽ ዚኽልክሎ ሕጊ ኣሎ።እዚ ናትና “Studieförbundet Bilda” ዝተባህለ ናይ ትምህርቲ ማሕበር፤ ነዚ ሕጊ እዚ ብግቡእ እዩ ዚጥቀመሉ።